# በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ

# መምርሒ ሜላ ስርዓት ኦዲት ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ_19_/2007

ሓምለ 2007 ዓ/ም

መቐለ

# መምርሒ ሜላ ስርዓት ኦዲት ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 19 /2007

ሒሳብ መዝገብ ዘቕርቡ ግብሪ ከፈልትን ዝቐርብ ሒሳብ መዝገብን ቁፅሪ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናወሰኸ ብምምፅኡ ግዜን ወፃእን ቆጣባይ ዝኾነ ኣብ ምስዋር ግብርን ታክስን ዝለዓለ ስግኣት ኣብ ዘለዎም ኸፈልቲ ግብሪ ትኹረት ዝገበረ ሜላ ኦዲት ምኽታል ኣድላይ ብምኳኑ፣

ስርዓት ታክስ ኦዲት ግቡእ ግብርን ታክስን ብዓርሰ ተበግሶን ብትኽክልን ኣብ ምፍላጥን ምኽፋልን ዝሐሹ ኸፈልቲ ግብሪ ብዘተባብዕ ኣግባብ ምምራሕ ኣድላይ ብምኳኑ፣

በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 210/2003 ዓንቀፅ 6 ንኡስ ዓንቀፅ 9 ኣወሳስናን ኣተኣኻኽባን ግብሪ፣ ኣተሓሕዛ ሒሳብን ካልኦት ተዛመድቲ ስርሓትን ንምፍፃም ዘኽእሎ ሜላ ኣሰራርሓ ክሕንፅፅን ከተግብርን ከምኡእውን ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ግብሪ ንምምሕያሽን እቶም ሕግታት ንምፍፃምን መምርሒ ከውፅእ ብዝተወሃቦ ስልጣን መሰረት ዝስዕብ መምርሒ ሜላ ስርዓት ኦዲት ግብሪ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

### 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ መምርሒ"መምርሒ ሜላ ስርዓት ኦዲት ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 19/2007" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል።

### 2. ትርጉም

1. "በዓል መዚ" ማለት በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይን ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ/ክፍለ ከተማ/ወረዳ ዝሓወሰ እዩ።
2. "ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት" ማለት ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ እዩ።
3. "ግብሪ" ማለት ግብሪ፣ ታክስን ቀረፅን ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣታውታት ክልልና ዝሓወሰ እዩ።

4. "**ቀሊል ኦዲት** " ማለት ብኸፋሊ ግብሪ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ ብመሰረት ሕግታት ግብርን ታክስን መትከላት ኣመዘጋግባ ሒሳብ ዝተዳለወን እቲ ኸፊሊ ግብሪ ካብኡ ዝድለ ግብርን ታክስን ብመሰረት ኣታዊኡ ብትኽክል ኣብ ምፍላጥን ምኽፋልን በዚ መምርሒ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት መሰረት ብንፅፅር ተመዚኑ ዝሐሸ እምነት ዝተገበረሉ ኮይኑ ደጋፊ ሰነድን ካልእ ተወሳኺ መረዳእታን ምፍታሽ እንተየድለየ በዚ መምርሒ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ኣብቲ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ ውሱን መረጋገፂ ኦዲት ብምኽያድ ኣፈላላይ እንትህሉ መስተኻኸሊ ግብሪ ዝውሰነሉ ሜላ ኦዲት እዩ።

5. "**ውሱን ኦዲት**" ማለት ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ በዚ መምርሒ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት መሰረት ብንፅፅረ ተመዚኑ ዝምደብ ፀገም ኣለዎ ተባሂሉ ኣብ ዝተገመቶ ሓደ ወይ ክልተ ክፋል ማለት እውን ኣብ መሸጣ፣ ዕድጊት፣ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ወይ ኣብ ኢንቨንተሪ ወዘተ  ጥራሕ ደጋፊ ሰነድን ዝተረኽበ መረዳእታን በዚ መምርሒ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ኦዲት ብምግባር ዝተረኽበ ኣፈላላይ እንትህሉ ብምስትኽኻል ግብሪ ዝውሰነሉ ሜላ ኦዲት እዩ።

6. "**ሙሉእ ኦዲት**" ማለት ብኸፋሊ ግብሪ ኣብ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ በዚ መምርሒ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት ብንፅፅር ተመዚኑ ዝምደብ ብሓፈሻ ኣብ መሸጣ፣ ዕድጊት፣ ምምሕዳራዊ ወፃኢ፣ ወይ ኣብ ኢንቨንተሪ ወዘተ  ክብድ ዝበለ ፀገም እንትህልዎ ደገፍቲ ሰነዳቱን ካልኦት  ኣድለይቲ ዝኾኑ መረዳእታታትን ሓበሬታታትን ብምትእኽኻብ በዚ መምርሒ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 3 መሰረት ኩለመዳያውን ጥልቀት ዘለዎን ሙሉእ ምርመራ ብምኽያድ ትኽክለኛ ተኸፋሊ ግብሪ ንምውሳን ዝካየድ ዓይነት ሜላ ኦዲት እዩ።

7. "**ፍሉይ ኦዲት**" ማለት ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ በዚ መምርሒ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት ብንፅፅር ተመዚኑ ዝምደብ ኣብ ምኽባር ሕጊታት ግብርን ታክስን ክፍእ ዝበለ ጥሕሰት ዝተፈፀሞ ምዃኑ እንትጥርጠር ኣብ ሜላ ሙሉእ ኦዲት ካብ ዝግበር ምርመራ ብተወሳኺ ናይ ሰብ ምስክርነትን ኣድላይ ቴክኒክ ምርመራን ብምኽያድ ግቡእ ግብርን ታክስን ንምእካብን ግብሪ ከፋሊ ብገበን ንምሕታት ክሕግዝ ዝኽእል መረዳእታ ንምእካብን በዚ መምርሒ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 4 መሰረት ዝካየድ ሜላ ኦዲት እዩ።

## 3.ወሰን ተፈፃምነት

1) እዚ መምርሒ ብመሰረት ማንዋል ኣወሳስና ግብርን ታክስን ዝተቐመጡ ረቛሒታት ኣማሊኡ ቁቡል ዝተገበረ ሒሳብ መዝገብ ብምድላው ኣታዊኦም ኣብ ዘቕርቡ ኸፈልቲ ግብሪ ተፈፃሚ ይኸውን።

2) እዚ መምርሒ ካብ 01/11/2007 ዓ/ም ጀሚሮም ንዝቕርቡ ሒሳብ መዛግብቲ ተፈፃሚ ይኸውን።

# ክፍሊ ክልተ

# ስርዓት ምፍላይ ሜላ ኦዲትን ከይዲ ኦዲትን

## 4.ሜላታት ኦዲት

ብግብሪ ከፋሊ ዝቐርብ ሒሳብ መዝገብ ኦዲት ንምክያድ ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 5 ብዝተነፀሩ መዐቀኒታት መሰረት ተመዚኖም ብምፍላይ በዞም ዝስዕቡ ሜላታት ኦዲት ብምፍላይ ኦዲት ይግበሩ።

1) ቀሊል ኦዲት (Desk Audit)
2) ውሱን ኦዲት (Spot Audit)
3) ሙሉእ ኦዲት(Comperhensive Audit)
4) ፍሉይ ኦዲት (Special Audit) እዮም

## 5. መምረፂ ረቛሒታት ሒሳብ መዝገብን ዝተውሃበ ነጥብን

1) ብግብሪ ከፋሊ ዝቐርብ ሒሳብ መዝገብ ኦዲት ዝግበረሉ ሜላ ኦዲት ንምፍላይ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ቀፂሉ ብዝተቐመጠ ሰደቓ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት ብንፅፅር ተመዚኖም ይፍለዩ።

2) ብግብሪ ከፋሊ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ ዝምዘነሉ መዐቀንታትን ዝወሃቦ ነጥብን በዚ ዝስዕብ ሰደቓ ብዝተነፀረ መሰረት ኮይኑ፣ በቲ መዐቀኒ መሰረት ብንፅፅር ተመዚኑ ዝሐሸ ኣፈፃፅማ ዘለዎ ዝሐሸ ነጥቢ ይወሃቦ፤ በቲ መዐቀኒ መሰረት ጉድለታት ዘለዎ ዝተሓተ ነጥቢ ይወሃቦ።

ሰደቓ መዐቀኒ ሒሳብ መዝገብ

| ተ/ቁ | ዓይነት መዐቀኒ | ዝሓዞ ነጥቢ |
|---|---|---|
| 1 | ሪፎርምታት ግብርን ታክስን ንኣብነት ሒሳብ መዝገብ ምሓዝ፣ መሳርሒ መሸጣ ማሽን ምሓዝ፣ቫት ምምዝጋብ ዘርኢይዎ ቁርብነትን ተገዳስነትን | 10 |
| 2 | ኣብ ኣጠቓቕማ ቅብሊት ዘለዎ ኩነታትኣፈፃፅማ /ብዘይቅብሊት ኣብ ምሻጥ ዝተርኣየ ድግግምን ብዘይቅብሊት ዝተሸጠ መጠን ዋጋን ወዘተ ዘለዎ ኩነታት ኣብ ግምት ይኣቱ/ | 15 |
| 3 | ፀብፃባት ቫት ፣ ተርን ኦቨር ታክስ፣ ስራሕ ግብርን ብእዋኑን ብፅሬትን ኣብ ምፅብፃብ ዝተርአየ ፍፃመ | 5 |
| 4 | ግብሪ ኸፋሊ ባዕሉ ካብ ዘፍለጦ ኣታዊ ብተወሳኺ ዝተረኸበ መጠን መረዳእታ | 15 |
| 5 | ግብሪ ኸፋሊ ምስ ዘለዎ ዓቕሚ፣ ተመሳሳሊ ዓቕምን ዘርፍን ንግዲ ብምንፅፃርን ዘ'ቕረቦ ምጣነ ትርፊ/ ፕሮፊት ማርጅን | 10 |
| 6 | ግብሪ ኸፋሊ ምስ ተመሳሳሊ ዘርፊ ንግዲ ብምንፅፃር ዘፍለጦ መጠን መሸጣን ኣብ መፍረይቲ ትካላት ድማ ብተወሳኺ ዝተርአየ መጠን ፍርያት | 15 |
| 7 | ግብሪ ኸፋሊ ዝሓተቶ መጠን ተመላሲ ግብርን ታክስን ተደጋጋምነቱን ዘለዎ ብርኪ ተኣማንነት | 5 |
| 8 | ግብሪ ኸፋሊ ዘ'ቕረቦ መጠን ኪሳራን ተደጋጋምነቱን ዘለዎ ብርኪ ተኣማንነት | 5 |
| 9 | ኸፋሊ ግብሪ ዝተዋፈረሉ ዘርፊ ንግዲ ዘለዎ ውስብስብነት | 10 |
| 10 | ብመሰረት ማሓውራት በዓል መዚ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ካብ ዝተረኸበ መረዳእታ ኣብ ግብሪ ኸፋሊ ዝተርአየ ብርኪ ተኣማንነት | 10 |
| ድምር | | 100 |

6. ኣግባብ ኣፈላልያ ሒሳብ መዝገብ ብሜላ ኦዲት

1) ኸፈልቲ ግብሪ ካብ ሕድ ሕድ መዐቀኒ ዝረኸብዎ ነጥቢ/ውፅኢት ብምድማር ብዝረኸብዎ ውፅኢት ካብ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ብቐደም ሰዓብ ይስርዑ፣ እዚ መሰረት ብምግባር፣

   ሀ.ዝለዓለ ውፅኢት ዘለዎም ኸፈልቲ ግብሪ ካብ ጠቕላላ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ 50% ኣብ ሜላ ቀሊል ኦዲት ይምደቡ፣

   ለ. ኣብ ሜላ ቀሊል ኦዲት ካብ ዝተመደቡ ሒሳብ መዛግብቲ ቀፃሎም ዝለዓለ ውፅኢት ዝረኸቡ ሒሳብ መዛግብቲ ካብ ጠቕላላ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ 35% ኣብ ሜላ ውሱን ኦዲት ይምደቡ። ብሜላ ውሱን ኦዲት እንትፍለ ፀገም ዘለዎ ኦዲት ዝግበር ሓደ ወይ ክልተ ክፋል ማለት እውን ኣብ መሸጣ፣ ዕድጊት፣ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ወይ ኣብ ኢንቨንተሪ ወዘተ ተነጺሉ ይፍለ።

   ሐ. ኣብ ሜላ ውሱን ኦዲት ካብ ዝተመደቡ ሒሳብ መዛግብቲ ቀፃሎም ዝለዓለ ውፅኢት ዝረኸቡ ሒሳብ መዛግብቲ ካብ ጠቕላላ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ 14% ኣብ ሜላ ሙሉእ ኦዲት ይምደቡ፣

   መ. ኣብ ክፍኢ ዝበለ ጥሕሰት ሕጊ ዝተጠርጠሩ ሒሳብ መዛግብቲ ውፅኢቶም ዝተሓተ 1% ሒሳብ መዛግብቲ ኣብ ፍሉይ ኦዲት ይምደቡ፣

2) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ 'ውን ሒሳብ መዛግብቲ ብሜላ ኦዲት ኣብ ምፍላይ በዞም ዝስዕቡ ኩነታት ዝፍጠር ናይ ሚኢታዊ ኣፈላላይ ማለት እውን፣

   ሀ. ግብሪ ከፈልቲ ስርዓት ግብርን ታክስን ብምኽባር ግቡኦምን መሰሎምን ብኣግባቡ ኣብ ምፍፃም ዘሎ ለውጥን ክፍተትን ብምግምጋም ብሜላ ኦዲት ዝፍለየሉ ሚኢታዊ ክሳብ 5% ምውሳኽ ወይ ምቕናስ ይካኣል እዩ።

   ለ. ቁፅሪ እቶም ግብሪ ከፈልቲ ውሑድ ብምዃኑ ብሚኢታዊ እንትከፋፈል ኣብ ሓዲኡ ሜላ ኦዲት ዝመፅእ ውፅኢት ብምፅግጋዕ እንትፍለ ኣብቲ ካልእ ሜላ ኦዲት ዝፈጥሮ ናይ ሚኢታዊ ኣፈላላይ በዚ መምርሒ ቁቡል እዩ።

3) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣2፣ ዝተደንገገ እንተሃለወ 'ውን ግብሪ ከፈልቲ ስርዓት ግብርን ታክስን ብምኽባር ግቡኦምን መሰሎምን ብኣግባቡ ኣብ ምፍፃም ዘሎ ክራይ ኣካብነትን ጥሕሰት ሕግን ግድድ ኣብ ዝበለሉ ኩነታት፣ ወይ ከዓ ግብሪ

ከፋሊ ብዓርሰ ተበገሶ ግብሪ ናይ ምኽፋል ልምዱ ብምዕባዩ ምኽንያት ቤት ዕሕፈት ልምዓት እቶት ነዚ ዝምጥን ዝተፈለየ ምኢታዊ መበገሲ ሓሳብ ኣቕሪቡ ብኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት ውሳነ ምስረኸበ ብዝተፈለየ ምኢታዊ ሜላ ኦዲት ተፈልዩ ኦዲት ምግባር ይከኣል።

8. ምፍላይ ሜላ ኦዲት ዝፍፅሙ ኣካላትን ስርዓት ኣፈላልይኡን

1) ኬዝቲም ኣወሳስና እቶትን ክትትልን ብግብሪ ከፋሊ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ በዚ መምርሒ ብዝተነፀሩ መዐቀንታት መሰረት ብምምዛን ብዝተረኸበ ውፅኢት ንሕድ ሕድ ሜላ ኦዲት ብምፍላይ ናብ መተሓበበሪ ከይዲ ስራሕ ቐሪቡ ክፀድቕ ይገብር፣

2) ዝተፈለዩ ሒሳብ መዛግብቲ ብከይዲ ስራሕ ብምፅዳቕ ናብ ማነጅመንት ኮሚቴ ቤት ዕሕፈት ቐሪቡ ክፀድቕ ይግበር።

3) ማነጅመንት ኮሚቴ ቤት ዕሕፈት ዘፅደቖ ምፍላይ ሜላ ኦዲት ብጠቕላላ ሰራሕተኛ ብምግምጋም ኣድላይ ምስትኽኻል ተገይርሉ ምስ ፀደቐ፣ ግብሪ ከፈልቲ ኣብ ዝርእይዎ ቦታ ብምልጣፍ ክፈልጥዎ ብምግባር ምስ ግብሪ ከፈልቲ ዘተ ብምክያድ ኣድላይ ምስትኽኻል ብምግባር ተግባራዊ ይኸውን።

9. ኣግባብ ኦዲት ብሕድሕድ ሜላ ኦዲት

1) ኣብ ሜላ ቀሊል ኦዲት ዝተመደቡ ሒሳብ መዛብግቲ ኦዲት እንትካየድ ደጋፊ ሰነዳትን ተወሳኺ መረዳእታን ምርኣይ እንተየድለየ፣ ኣብ መግለፂታት ሒሳብ ትርፍን ኪሳራን ሒሳብ ሚዛን ዝተገለፀ ድምር ብትኽክል ዝተፈፀመ ምኳኑ የረጋገፅ፣ ኣፈላላይ እንትተረኺቡ መስተኻኸሊ ግብሪ ተወሲኑ ግብሪ ውሳነ ይወሃብ።

2) ኣብ ሜላ ውሱን ኦዲት ዝተመደቡ ሒሳብ መዛግብቲ እቲ ሒሳብ መዝገብ ፀገም ኣለዎ ተባሂሉ ኣብ ዝተነፀረ ሓደ ወይ ክልተ ክፋል ማለት እውን ኣብ መሸጣ፣ ዕድጊት፣ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ወይ ኣብ ኢንቨንተሪ ወዘተ ጥራሕ ደጋፊ ሰነድን ዝተረኸበ መረዳእታን ኦዲት ብምግባር ዝተረኸበ ኣፈላላይ እንትህሉ ብምስትኽኻል ግብሪ ውሳነ ይወሃብ።

3) ኣብ ሜላ ሙሉእ ኦዲት ዝተመደቡ ሒሳብ መዛግብቲ ኣብ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብን ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ መረዳእታታትን ሓበሬታታትን

ብምትእኽኻብ ኩለመዳያውን ጥልቀት ዘለዎን ምርመራ ብምክያድ ትኽክለኛ ተኸፋሊ ግብርን ታክስን ንምውሳን ዝካየድ ዓይነት ኦዲት ኮይኑ፣

ሀ. ቴክኒካል ትሕዝቶ እቲ ሒሳብ መዝገብ፣ ሒሳብ ሚዛን፣ ትርፍን ኪሳራን መግለፂ፣ ኣብ አመዘጋግባ ንብረት ቆፀራ፣ እርጋን ተቐናሲን ካልኦት ኣድላይቲ ዝተብሃሉ ተግባራት ብትኽክል ዝተፈፀሙ ምዃኖም ምርግጋፅ፣

ለ. አብ ሒሳብ መዝገብ ዝተገለፁ መሸጣ፣ ዕድጊት፣ ምምሕዳራዊ ወፃኢታትን እቲ ትካል ምስ ሕድ ሕድ ደጋፊ ሰነድ ብምግንዛብ ዝርዝር ቮቺንግ ምክያድ፣

ሐ. ብዛዕባ እቲ ዝምርመር ሒሳብ መዝገብ ካብ ውሽጢ ማዕኸን መረዳእታ፣ ኢንተለጀንስ፣ ኣመራርሓ ስራሕ ስግኣት፣ ካብ ሳልሳይ ወገን መረዳእታ ምትእኽኻብ፣ ዝተአከበ መረዳእታ ኣብ ከይዲ ምርመራ እቲ ሒሳብ መዝገብ ክካተት ምግባር፣

መ. ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ተግበራት ከምዘለው ኮይኖም ካልኦት ንከይዲ ምርመራ እቲ ሒሳብ መዝገብ ኣገደስቲ ዝባሀሉ ተግባራት ብምፍፃም።

4) ኣብ ሜላ ፍሉይ ኦዲት ዝተመደቡ ሒሳብ መዛግብቲ ንሙሉእ ኦዲት ተግባራዊ ዝግበሩ ከይዲ ምርመራ ብተወሳኺ ናይ ሰብ ምስክርነትን ኣድላይ ቴክኒክ ምርመራን ካብ ውሽጥን ሳልሳይ ወገን መረዳእታን ብምትእኽኻብ ከይዲ ምርመራ ይፍፀም፣ ኣፈላላይ እንትርከብ ዝግባእ ግብርን ታክስን ብምውሳን መስተኻኸሊ ውሳነ ግብሪ ይውሰን።

5) ብሜላ ፍሉይ ኦዲት ኣብ ልዕሊ ግብሪ ከፋሊ ዝተገበረ ምርመራ ውፅኢት ብኣንፃር ዝፈፀሞ ጥሕሰት ሕግን ዝሓብኦ እቶት መንግስትን ተመዚኑ ብመምሃራይነቱ ብገበን ምኽሳስ ኣድላይ ምዃኑ እንትእመነሉ በዓልመዚ ብዘነፀሮ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ኣድላይ ሕጋዊ ስጉምቲ ንኽውሰደሉ ዘድሊ መረዳእታ ንዋና ከይዲ ስራሕ ምኽባር ሕጊ እቶትን ኢንተለጀንስን ይቐርብ።

## 10. ሒሳብ መዝገብ ብሜላ ኦዲት ምፍላይ ዝፍፀመሉ ግዜ

1) ዝቐረቡ ሒሳብ መዛግብቲ ብሜላ ኦዲት ዝፍለይሉ እዋን ካብ ዕለት 1 እስካዕ 30 ሕዳር ኣብ ዘሎ ግዘ ይኸውን።

2) ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ ብኣግባቡን ብእዋኑን ብሜላ ኦዲት ንምፍላይ ኣብ ግብሪ ከፊልቲ ዝግበር ክትትልን ደገፍን በቲ መዐቀኒ ሜላ ኦዲት መሰረት ንምፍላይ ዝሕግዝ መረዳእታ ኣቐዲሙ እናተኣከበ ክፀንሕ ዝግባእ ኮይኑ፣ ናይ ብርኪ "ሀ" ነጋዶ ሒሳብ መዝገብ እስካዕ ዝኣቱ ናይ ብርኪ "ለ" ነጋዶ ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ ዘድሊ ዳህሳስን ትንታነን እናተኻየደ ይፀንሕ

## 11. ቅደም ሰዓብ ኣፈፃፅማ ኦዲት ሒሳብ መዝገብ

1) ኣፈፃፅማ ኦዲት ወይ ግልጋሎት ምሃብ ብቕደም ሰዓብ ኣብ ቀሊል ኦዲት፣ ውሱን ኦዲት፣ ሙሉእ ኦዲት፣ ፍሉይ ኦዲት ዝተመደቡ ኸፈልቲ ግብሪ ዝተኣናገዱሉ ኩነታት ትኹረት ብምሃብ ይፍፀም።
2) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ 'ውን ንግብሪ ከፋሊ ህፁዕ ግልጋሎት ዝጠልቡ ዋኒናትን እዋናዊ ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድን ኣድላይ እንትኸውን እቲ ቕደም ሰዓብ ከይተሓለወ ምፍፃም ይከኣል እዩ።

## 12. ኣብ ቦታ ግብሪ ከፋሊ ብምኻድ ኦዲት ምግባር

1) ናይ ግብሪ ከፋሊ መጠን ምንቅስቓስ ንግድን ደገፍቲ ሰነዳትን ብዙሕ ብምዃኑ ምኽንያት ተቐቢልካ ኦዲት ንምግባር ኣፀጋሚ ምዃኑ እንትእመነሉ ሒሳብ መዝገቡ ብቶክሊስት መሰረት ይቕበሉ፣ ደጋፊ ሰነድ ኣብ ቦታ ግብሪ ከፋሊ ብምኻድ ኦዲት ንምግባር ውሳነ ሓሳብ ናብ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት ብምቕራብ እንተተፈቒዱ ናብ ቦታ ግብሪ ከፋሊ ብምኻድ ኦዲት ምግባር ይከኣል።

2) ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት ኣብ ቦታ ግብሪ ከፋሊ ብምኻድ ኦዲት ዝግበረሉ ኣሰራርሓ እዋናዊ ክትትልን ደገፍን ይገብር።

13. **ዳግም ኦዲት**

ዝቐረበ ሒሳብ መዝገብ በዚ መምርሒ መሰረት ብሜላ ኦዲት ተፈልዩ ኦዲት ዝተገበረ ወይ ኣብ ከይዲ ዝርከብ እንተኾነ እውን ነቲ ሚዛን ሜላ ኦዲት ክቕይር ብዝኽእል ኩነታት ግብሪ ከፋሊ መረዳእታ ዝሓበአ ምኻኑ ወይ ድማ ግቡእ ግብሪ ዘይከፈለ ምኻኑ መረዳእታ እንተርከብ ሒሳብ መዝገቡ ብሙሉእ ወይ ፍሉይ ሜላ ኦዲት ዳግም ኦዲት ብምግባር ግቡእ ግብሪ ክውሰን ይግባእ።

14. **ተሓታትነት**

ዝኾነ ሰራሕተኛ እዚ ቤት ፅዮ ኣብዚ መምርሒ ካብ ዝተገለፀ ወፃኢ እንተሰሪሑ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

15. **ዝተሰዓሩ መምርሕታት**

መምርሒ ሜላ ስርዓት ኦዲት ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 16/2006 ከምኡ እውን ንዕኡ ንምብርሀራህ ዝተፅሓፉ መብርሀታትን ደብዳቤታትን በዚ መምርሒ እዚ ተሳዒሮም ኣለው።

16. **መሰጋገሪ ድንጋገ**

ቅድሚ 01 ሓምለ 2007 ዓ/ም ዝቐረበ ሒሳብ መዛግብቲ በቲ ኣብ ስራሕ ብዝፀንሐ መምርሕን ኣሰራርሓን መሰረት ኦዲት ይግበሩ።

17. **እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ እዋን**

እዚ መምርሒ ካብ 01/11/2007 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ምሕረት በየነ

ም/ዋና ዳይሬክተር በዓልመዚ ልምዓት እቶት